Voice of Liberty
ድምጺ ሓርነት
22 የካቲት 2004

## ተጋዳሊት ኣስቴር መን'ያ?

ንወ/ሮ ኣስቴር ፍስሓጽዮን ሰሎሙን፣ ቁም-ነገራን ኣበርክቶኣን ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ቃልሲ ዝነበራ ተራን፣ ኣይኮነንዶ ብቐረባ ምስኣ ዝተጋደለ፣ ካብ ተጋዳላይን ኣባል ሓፋሽ ዉድባትን ተራ-ህዝብን ዘይፈልጣ ብቑጽሪ ኣዝዩ ውሑድ'ዩ። ኣስቴር ኣብ ግዜ ቃልሲ ሰገጥ ከይበለት ብሉዑል ፍናንን ተወፋይነትን ንነጻነት ኤርትራ ግሁድ ዝገበረት፣ ብድሕሪ ነጻነት'ውን ንህንጸት ሃገር እጅጌኣ ሰብሲባ ዝተዳለወት ተባዕ ተጋዳሊት እያ።

ኣስቴር ካብተን ንሻን ዝደፍኣት ብሉጻት ተጋደልቲ ክነሳ፣ እሞ ኸኣ ኣኽብሮት ናይ ኣብ ግዜ ቃልስን ድሕሪ ቃልስ ብጾታ ዘይተጋደፉ፣ ሕያወይትን ምስግንትን ተጋዳሊት ሎሚ ኣበይ ኮን ትህሉዶ ትብሉ?

ኣስቴር ብ1974 ዓ.ም. ኣብ ንኡስ ዕድሜኣ ምስ'ተን ቀዳሞት፣ ብቑጽሪ ኣዝየን ዉሑዳት ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ እያ ተሰሊፋ። ምስ ዝነብራ ልዙብ ጠባያን ብልሕን ዓቕምን ግሩም ኣበርክቶኣን ነዊሕ ከይጸንሐት፣ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ድሕሪ ምቕሳም ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ከም ኮሚሽነር (መምህር ፖለቲካዊ ትምህርቲ) ኰይና ንሓደስቲ ተዓለምቲ ፖለተካዊ ትምህርትን ወተሃደራዊ ሕግን ስነ-ስርዓትን እናመሃረት፣ ብዝነበራ ብሉጽ ጠባይን ትሕትናን፣ ከምኡ'ውን ናይ ምስማዕን ምርዳእን ዓቕሚ፣ ንብዙሓት ሓደስቲ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ኪቕጽሉን ተወፊዮም ሃገራዊ ግብኦም ኪፍጽሙ፣ ኣብነት ብምዃን ንቃልሲ ዝበቕዑን ዝበቕዓን ካድራትን ሰራዊትን ዝመልመለት ረዛን ካድር ኢያ ነይራ። ኣብ መደበር ታዕሊም ብሌቃት ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ከም ሓላፊት ናይ'ቲ መደበር ኰይና ምስ ኵሎም ብጾታ ብስኒትን ትግሃትን ከተገልግል ከላ እቶም ናይ ሽዑ መራሕቲ ግንባር፣ ማለት ናይ ሎሚ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፎርቂ፣ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ማሕሙድ ሸሪፉ (ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ መንግስቲ ዘሎ) ነቲ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ታዕሊም ዝካይድ ዝነበረ ንጥፈታትን ምዕባሌታትን ክዕዘቡን ምስ ኣስቴር ከኣ ክላዘቡን ደጋጊሞም ይመላለሱ ስለዝነበሩ ህያው መሰኻኽር ኢዮም።

ኣስተዋጽኦ ናይ ኣስቴር ልዑል ብምንባሩ፣ ድሕሪ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ክፍሊ ታዕሊም ኣብ ዓራግ ተጠርኒፉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብደረጃ ልዑል ሓላፍነት ብተወፋይነት ንብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተዓለምቲ ኤርትራውያን ከምኡ'ውን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ንትምህርትን ተመክሮ ንምቕሳምን ዝመጹ ተጋደልትን ተዓለምትን ህ.ወ.ሓ.ትን (ወያነ) ግንባር ሓርነት ኦሮሞን መሪሓን ብጽፈት ኣልያን እያ።

ዝተገበረ እስትራተጂካዊ ምዝላቅ 1978 ዓ.ፈ ኣብ ኣእምሮ ተጋደልቲ በሰላን ስግኣትን ንከየሕድር ኣብ ዝተኻየድ ጐስጐሳዊ ስርሓትን ዓበይቲ ሰሚናራትን ሞራል ተጋድልቲ ክብ ኣብ ምባል፣ ንዝተናውሐ ቃልሲ ኪዳለው ዝጐስጐሰት ተጋዳሊት እያ።

ተጋዳሊት ኣስቴር ኣብ 1977 ዓ.ም. ዝተገብረ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ተወኪላ ነቲ ኣብ መሪሕነት ዝመጸ ኣካል ኣብ ምምራጽ ተራ ካብ ዝነበሮም እያ። ከምኡ'ውን

ብ1987 ዓ.ም. ዝተገብረ ውድባዊ  ጉባኤ ተወኪላ ካብ'ተን መጀመርያ ኣብ'ቲ መሪሕነት ኪምረጻ ትጽቢት ዝተገብረለን'ኳ እንተነበረት ኣብዚ ምርጫ'ዚ ንምእታው ግን ዕድል ኣይረኸበትን።

ብ1984 ዓ.ም. ምስ ተጋዳላይ ማሕሙድ ሸሪፉ፡ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ዝነበረ፡ ተመርዕያ ንወዳ ኢብራሂም ማሕሙድ ሸሪፎ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ወሊዳ።

ብ1989 ካብ ክፍሊ ታዕሊም ናብ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ተመዲባ፡ ብገድልዊ ስራሕ ንሃገር ኣሜሪካ ንወዳ ኢብራሂም ሓዲጋ ከይዳ። ኣብኡ ሓፋሽ ኣብ ምውዳብን ምንቃሕን ተዋፊራ ክተግልግል ድሕሪ ምጽናሕ እንደገና ንሜዳ ተመሊሳ፡ ብመሪሕ ተራ ገድላዊ ዕማማታ ድማ ቀጺላ።

ብ1994 ዓ.ም. ዝተገብረ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ክም ኣሰናዳኢት ኣካል ጉባኤ ተመሪጻ። ኣብቲ ጉባኤ ድማ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኮይና ስለ ዝተመርጸት ንዝለዓለ ጽፍሒ-መሪሕነት ክትበቅዕ ክኢላ።

ብድሕሪ'ዚ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን-ሰብኣዊ-ድሕነትን ከም ሓላፊት ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳይ ኮይና ስርሓ እንዳቀጸለት፡ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ካብ ስርሐ ደስኪላ። ኣብ ክም'ዚ ዓ ይነት ኩነታት እንከላ ድማ ብ1998 ዓ.ም. ዕድል ማሕደረ ትምህርቲ ንሕ/መንግስታት ኣሜሪካ ተዋሂብዎ ዝነበረ ክም ዚስረዝ ኮይኑ ኢዩ።

ኣስቴር ነቲ ክቡር ንእስነታን ህይወታ ዘወፈየትሉን ሃገር እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሰ ሃንደበታት'ኳ እንተጋጠማ ብኡ ክይተሰናበደት ካብ'ቲ ናይ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ስርሓታ ይኹን ኣባል ባይቶ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ፡ ዝንበራ ዕማማት ክይተገለለት ንዝተስከመቶ ሓላፍነት ብትግሃት ፈጺማ ኢያ።

ድሕሪ ገለ ዓመታት ካብ ስራሕ ምድስካል መደስከሊኣ ከይተገለጸላ እንደገና ብደረጃ ዲረክተር-ጀነራል ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ዓንሰባ ተመደባ። መንግስታዊ ስራሓታ እናኣካየደት ከላ ኸኣ ኣብታ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ህ.ግ.ሓ.ኤ ጠለብ ኣኼባ ንምምላእ ኣብ ባይቶ ዘዳለዉዋ ኣኼባ ትጠልብ ዘዋሪ መልእኽቲ ክታማ ኣስፊራ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ብ18 ምስከረም 2001 ዓ.ም. ምስ ካልኦት ብጾታ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ-መንግስቲ ከም እትኣቱ ኮይኑ።

ክቡራት ዜጋታት፡ እስክ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ኣስቴር እንታይ ኮን ጌራ ቸኸውን ኢልና ሐቢርና ንሕሰብ።  እስከ ጌሩቶ ቸኸውን ዝብል ተኸእሎታት'ውን ንዘርዝር።

ብርግጽ ኣኪያይዳ መንግስቲ ነቂፉ፡ ርእይቶኣ ገሊጻ፡ ተዛሪባ፡ ጕስጕሳ፡ ... እዝስ መሳሪሒ ጸላኢ ኮይና ማለት ድዩ? እሞ'ኸ ድኣ?

ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ገደሊ እዛ ንዓመታት ኣብ በረኻታት ኤርትራ ንነጻነት ሃገራን ሓርነት ህዝባን ክርተት ዝበለት ተጋዳሊት፡ ኣብ ቤት ማእሰረቲ ተሪፈንኣ ዘለዎ ዓ መታት ከተሕልፍሲ፡-

ብመጀምርያ-------- መን ፈሪድዎ?

ድሓር ኸኣ --------- በየናይ ሕጊ? ብናይ መን ሕጊኸ ተፈሪዳ?
ንምኳኑ ------------- መን ዘጽደቖ ሕጊ?

ሳዕቤን ናይ ኣስቴር ማእሰርቲ ኣብኣ ጥራይ ተሓጺሩ ዝተርፍ ጉዳይ ኣይኮነን። ካብዚ ክንመሃሮ እንኽእል ትምህርቲ ኣሎ። እዚ ኸኣ ኤርትራዊ፡-

- ስለምንታይ ተጋዲሉ?
- ስለምታይ ሃገረይ ኢሉ?
- ስለምንታይከ ብሉጽ ዕድሚኡ ኣብ በረኻን ክርተትን ኣሕሊፉ?
- ድሕሪ'ዚ ኵሉ ኸኣ ስለምታይ ተኣሲሩ?

........ ዘኣመሰሉ ሕቶትት ክንሓትት'ዶ ኣይግባእን?

እዚኦም ንሰማዕትናን ህዝብናን ዝሕደጉ ሕቶታት ኢዮም።